# መዓልታዊ ኣስተንትኖ ቃል ኣምላኽ - ጥሪ 4ይ ሰሙን

## ብዶ/ር ክፍለየሱስ ዓንደማርያም

መዓልቲ መዓልቲ ንገለ ደቃይቕ ነዞም ነንመዓልቱ ተዳልዮም ዘለዉ ንባባት ብምንባብን ብምስትንታንን ቅሳነትን ሰላምን ኣብ ሕይወትና ኪሰፍን እዩ። "ንዓ መንፈስ ቅዱስ ነዚ ቃል እዚ ኣንቢበ ክኣምኖን ኣብ ልበይ ክሕድሮን ጸጋኻ ሃበኒ!"

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| 1 የካቲት | 2 ሳሙ 15፡ 13-14, 30 ፣ 16፡ 5-13<br>መዝ 3፡ 2-7<br>ማር 5፡ 1-20 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• 2 ሳሙኤል ምዕ. 15 ብዛዕባ ዳዊት ካብ ዕልዋ ኣቤሴሎም ወዱ ከም ዝሃደመ ይነግረና። "ዳዊት ናብ ደብረ ዘይቲ ደየበ። . . . ይበኪ ነበረ፡ ርእሱ ተጐልቢቡ ድማ ብዘይ ሳእኒ ይኸይድ ነበረ። . . . 'ኦ እግዚኣብሔር ንምኽሪ ኣሒቶፌል ናብ ዕሽነት ኽትልውጦ እልምነካ ኣሎኹ' ኢሉ ጸለየ።" ቀጺሉ ሺምዒ ንዳዊት 'ኣታ ናይ ደም ሰብ ከንቱ ዘኾንካ ውፃእ፡ ውፃእ። ንስኻ ኣብ ክንዲ ሳኦል ነጊሥካ፣ ኣብ ክንዲ እቲ ኹሉ ኣብ ቤት ሳኦል ዘፍሰስካዮ ደም፣ እግዚኣብሔር ፈደየካ። እግዚኣብሔር ነዛ መንግሥቲ ነወድኻ ኣቤሴሎም ሃቦ። ንስኻ ናይ ደም ሰብ ኢኻ፣ ስለዚ እንሆልካ ብኽፍኣትካ ተተሓዝካ።" እናበለ ከም ዝረገሞ ይነግረና። ካብ ሰዓብቲ ዳዊት ንጉሥ ክቐትልዎ ምስ ሓሰቡ፣ ዳዊት 'እግዚኣብሔር ኣዚዝዎ እዩ እሞ፡ ይርገም ኅደግዎ' ከም ዝበሎም ይነግረና።<br>• መዝሙር 3 ከኣ ዳዊት "ኣምላኽ ኣየድኅኖን እዩ' እናበሉ ብዛዕባይ ይዛረቡ ኣለዉ። ንስኻ ግና፡ ኦ እግዚኣብሔር፡ ዋልታይ ኢኻ፣ ክብረይን ንርእሰይ ልዕል እተብላን ንስኻ ኢኻ። ክረድኣኒ ናብ እግዚኣብሔር ኣእዊ፣ ካብ ቅዱስ እምባኡ ኸኣ ይመልሰለይ።" እናበለ ይጽሊ።<br>• ወንጌል ማርቆስ ምዕራፍ 5 ከኣ ብዛዕባ እቲ መቓሕን ሰንሰለትን ዘበትኽን ኣብ መቓብርን ዝነብር ዝነበረ ርኹሳት መናፍስቲ (ለጌዎን) ዝሓደርዎ ሰብ ኢየሱስ ካብ ማእሰርቱ ከም ዝፈትሖን ከም ዘሕወዮን የዘንትወልና። " እቶም ርኹሳት መናፍስቲ ኸኣ ካብቲ ሰብ ወፂኦም ናብተን ሓሰማታት ኣተዉ። እተን ክልተ ሽሕ ዝኣኽላ ሓሰማታት በቲ ጸድፊ ነፊጸን ናብቲ ባሕሪ ሸምም በላ፣ ኣብኡውን ጥሒለን ሞታ። . . . ሽዑ እቶም ሕዝቢ ካብ ዓዶም ኬልግሰሎም ኪልምንዎ ጀመሩ።" ይብለና።<br><br>ካብዞም ቅድሳት ጽሑፋት እንርድኦ ዓቢይ ትምህርቲ ኣሎ። ኣምላኽ ነቶም ናብኡ ቊሊሕ ዝብሉን ክረድኦም ዝልምንዎን ከምዘይሓድጎም ይምህረና። ጸላኢና 'መምለጢ የብልካን፡ ካብ ኢደይ ዜድኅነካ የልቦን' ኣብ ዝብለሉ እዋን ኣምላኽ ክረድኣና ደበኽ ይብል። ዳዊት ንጉሥ ነቲ ኣምላኽ ዝሃቦ መንግሥቲ ብገዛእ ውሉዱ ኪምንዛዕ ከሎ፣ ሕፈረትን ውርደትን ክኽደን ከሎ፣ ናብ በረኻ ኪሃድም ከሎ ንርእዮ። ሽዑ እቲ መንም ንውቕ ሰብ ከላግጸሉን ከናሽዎን ከሎ ንርእዮ። ንሱ ግና ዘኽብርን ዘዋርድን ኣምላኽ ጥራይ ምዃኑ ይፈልጥ ስለ ዝነበረ፣ ኣዒንቱ ናብ ኣምላኽ ይገብርን ይጽልን ጥራይ ነበረ። ኣምላኽ ከኣ የድኅኖ። ኢየሱስ ከኣ ነቶም ርኹሳት መናፍስቲ ዝመልከና የብልናን ኢሎም ነቲ ተቘጻጺሮሞን ኣብ መቓብር ክፉእ ናብራ ከሕልፍን ዝገበርዎ ሰብ ከድኅኖ ንርእዮ። ኣብ ክንድኡ ኣሽሓት ጥሪት ከጥፍእውን ድሕር ከምዘይበለ ንርኢ። ኣምላኽ ክሳዕ ክንድዚ እዩ ንነፍሲ ወከፍና ዘፍቅረና። ንሕና ደቂ ሰባት ግና ካብ ድኅነት ነፍሲ ጥሪትና ኢና እነቐድም። ስለ ጥሪት እዛ ዓለም እዚኣ ከኣ ንኢየሱስ ኣብ ቤትና ኣብ ዓድና ከይኣቱ ንኽልክሎ ኣሎና። ንስኻ/ኺ ኣነ እንታይ ንገብር ከም ዘሎና እስከ ንርአ። ምእንቲ ሃብቲ እዛ ዓለም እዚኣ ነፍስና ከይንሸይጥ ንጠንቀቕ። "ኦ እግዚኣብሔር ጐይታ፡ ድኅነተይ ካባኻ ጥራይ ከም ዝመጽእ ከም ዝርዳእ ግበረኒ። ካብቲ እኩይ ኣድኅነኒ። ብሃብቲ እዛ ዓለም ልበይ ከይዓውር ሓልወኒ!" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **2 የካቲት** | **ምልኪያስ** 3፡ 1-4<br>**መዝ** 24፡ 7-10<br>**ዕብ** 2፡ 14-18<br>**ሉቃ** 2፡ 22-40 | **ካብዚ ዘንብብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?**<br>• ነቢይ ምልክያስ ምዕ. 3 ብዛዕባ ልኡኽ እግዚኣብሔርን እቲ ንሱ ዝገብሮ ምጽራይን ይዛረበና። "ልኡኽይ ከኣ ንደቂ ሌዊ ማለት ንካህናት ኬጽርዮም እዩ። ንሳቶም ከኣ ንእግዚኣብሔር መሥዋዕቲ ብጽድቂ ኺሠውዕሉ እዮም። . . . ሽዑ መሥዋዕቲ ሕዝቢ . . . ንእግዚኣብሔር ባህ ክብሎ እዩ።" ይብለና።<br>• መዝሙር 24 ከኣ "እቲ ዓቢይ ንጉሥ ኪኣቱ እዩ እሞ፣ ኣቱም ደጌታት ጋህ በሉ፣ እቱም ናይ ጥንቲ ደጌታት ተኸፈቱ። እዚ ዓቢይ ንጉሥ እዚ መን እዩ፣ ንሱ እቲ ብርቱዕን ኃያልን እግዚኣብሔር፡ እቲ ኣብ ውግእ ዚስዕር እግዚኣብሔር እዩ። . . . እግዚኣብሔር ጐይታ ሰራዊት፡ እቲ ዓቢይ ንጉሥ እዩ።" ይብለና።<br>• መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ዕብራውያን 2ይ ምዕራፍ ከኣ፡ "እቶም ውሉድ ሥጋን ደምን ዝለበሱ ሰብ ስለ ዝኾኑ፣ ኢየሱስውን ከምኦም ሰብ ኮነ፣ እዚ ኸኣ ብሞቱ ነቲ ኣብ ልዕሊ ሞት ሥልጣን ዘለዎ ዲያብሎስ ምእንቲ ኺስዕር፣ ነቶም ብናይ ሞት ፍርሃት ምሉእ ዕድሚኦም ባሮቱ ኾይኖም ዝነበሩ ኸኣ ሓራ ምእንቲ ኼውፅእ ኢሉ እዩ።" ይብለና።<br>• ወንጌል ሉቃስ 2 ከኣ ብዛዕባ ኢየሱስ ሕፃን ወለዱ ናብ እግዚኣብሔር ኬቕርብዎ ናብ ኢየሩሳሌም ከም ዝወሰድዎ ይነግረና። ካብቶም ንምድኃን እስራኤል ዝጽበዩ ዝነበሩ ስምዖንን ሃናን ነቲ ሕፃን ከም ዝተቐበልዎን ብዛዕባኡ ከም ዝተነበዩን ንኣምላኽ ከም ዘመስገኑንውን ይነግረና።<br><br>ኢየሱስ ሥጋና ድሕሪ ለቢሱ ናብ ቤተመቕደስ ንመጀመርያ ግዜ ክኣቱ ንርእዮ ኣሎና። ንእግዚኣብሔር ዝተቐደሰ ምእንቲ ክኸውን ወለዱ የወፍይዎ። ሽዑ እዩ እቲ ናይ ምድኃን ስራሑ ዝጅምር። ንሱ እቲ ዓቢይ ንጉሥ እዩ። ንሱ እቲ ንኣምላኽ ባህ ዜብሎ ቅዱስ መስዋዕቲ ኃጢኣትና ኬቕርብ ዝከኣሎ ሊቀ ካህናት እዩ። በቲ ናይ መሥዋዕቲ መስቀል ከኣ ሓንሳእ ንሓዋሩ ንዲያብሎስ ኪስዕር ክንርእዮ ኢና። ሎሚ መስዋዕትና (መስዋዕቲ ሕዝቢ እግዚኣብሔር - ቀዳሴና) ንእግዚኣብሔር ባህ የብሎ እዩ። ደጊም ባሮቱ ኃጢኣት ኣይንክንከውንን ኢና። ንሱ ኣብ ኣፍደገ ኮይኑ ይኩሕኩሕ ኣሎ እሞ ኣፍደጌታት ልባትና ንኽፈተሉ። ኢየሱስ ስራሑ ምድኃን እዩ። ነታ ዝጠፍኣት ነፍሲ ኪደልን ኬድኅንን እዩ መጺኡ። ብዘይ ፍቕድና ግና ዚኸውን ነገር የልቦን። ንሱ የፍቅረካ/ኪ እዩ፣ ሸኽምካ/ኪ ኪጸውር እዩ መጺኡ፣ ጾርካ/ኪ ናብኡ ኣራግፎ። ኣብ ልባትና ኪዛረበና ከሎ ድምጹ ንስማዕ፣ ነቲ ቃሉ ንቐበሎ። ምስ ኣሕዋትናን ኣሓትናን ዘሎና ዝምድናታት ኬጥዕየልና እዩ። ተኸባቢርናን ተፋቒርናን ብሓደ ክነብር ከኽእለና እዩ። "ንዓ ጐይታ ኢየሱስ ናብ ልበይ እቶ። ብኃጢኣተይ ኪንሳሕ ሓግዘኒ። ብጽልእን ብቂምን በቐልን ብዘይሰላም ብዘይፍቕሪ ኣብ ጸልማት ብዘይሓጎስ ከይነብር ኣድኅነኒ። ንዓ ጐይታ ኢየሱስ ንሕይወተይ ምራሕ! ምሳኻ ምንባር ይሕሸኒ። ልመናይ ከም እትፍጽመለይ እኣምን ኣሎኹ፣ ስለኡ ድማ ኣመስግነካ ኣሎኹ።" |

| **ዕለት** | **ንባብ** | **ኣስተንትኖ** |
|---|---|---|
| 3 **የካቲት** | 2 **ሳሙ** 24፡ 2, 9-17<br>**መዝ** 32፡ 1-2, 5-7<br>**ማር** 6፡ 1-6 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• 2 ሳሙኤል ምዕ. 24 ንጉሥ ዳዊት ምቍጻር ሕዝቢ ከም ዝኣዘዘ ይነግረና። ከምኡ ብምግባሩ ግና ተጣዕሰ፡ "በዚ ዝገብርክዎ ብዙኅ በዲለ እየ፣ እዚ ዝገበርክዎ ብዓቢይ ዕሽነት እዩ እሞ፣ ሕጂ ኦ እግዚኣብሔር በጃኻ፡ ንኣይ ንባርይኻ ኣበሳይ ኣርሕቐለይ' በሎ።" እግዚኣብሔር ግና ብነቢይ ጋድ ገይሩ ንዳዊት ሠለስተ ምርጫ መቕጻዕቲ ኣቕረበሉ፦ 1) ዓመት ጥሜት፣ 2) 3-ወርኂ ካብ ቅድሚ ጸላእቱ ምህዳም፣ 3) ወይ 3-መዓልቲ ፌራ ኪኸውን። "ዳዊት ንጋድ 'ኣዝዩ ጨኒቑኒ ኣሎ፡ ግናኸ ምሕረቱ ብዙኅ እዩ እሞ፡ ኣብ ኢድ ሰብ ካብ ምውዳቕሲ ኣብ ኢድ እግዚኣብሔር ምውዳቕ ይኅሸና' በሎ"። 70 ሽሕ ሰብ ምስ ሞተ፡ "ዳዊት ድማ ነቲ ንሕዝቢ ዚቐዝፍ ዝነበረ መልኣኽ ምስ ረኣየ፣ ንእግዚኣብሔር 'እንሆ ኣነ እየ ዝበደልኩ፣ ኣነ ኸኣ እየ ኽፉእ ዝገበርኩ፣ እዞም ሕዝቢ ግና እንታይ ገብሩ፣ በጃኻ፡ ንኣይን ንቤት ኣቦይን ቅጽዓና' በሎ።" ይብለና።<br>• መዝሙር 32 ከኣ "ኣበሳኡ ዝተኃድገሉ፣ ኃጢኣቱ ይቕረ ዝተባህለሉ ሰብ ብፁዕ እዩ። እግዚኣብሔር በደሉ ዘይጽብጽበሉ፡ ልግሚ ዘይብሉ ሰብ ብፁዕ እዩ። . . . ሽዑ ኃጢኣተይ ኣፍለጥኩኻ፡ በደለይውን ኣይሠወርኩልካን፡ ኣበሳይ ክናዘዘልካ መደብኩ፣ ንስኻውን እከይ ኃጢኣተይ ይቕረ በልካለይ።" ይብል።<br>• ወንጌል ማርቆስ 6ይ ምዕራፍ ከኣ ንኢየሱስ ኣብ ናዝሬት ዓዱ ምቕባል ከም ዝኣበይዎ ይነግረና። "እዚ ኹሉስ ካበይ ረኸቦ? እዚ ጥበብ እዚኸ ኻበይ ተዋህቦ? እዚ ብኢዱ ዚግበር ዘሎ ተኣምራትከ ካበይ ኮነሉ?" እናበሉ ተገረሙ። 'እዚስ እቲ ጸረቢ ወዲ ማርያም፡ ኃዉ ያዕቆብን ዮሳን ይሁዳን ስምዖንንዶ ኣይኮነን? ኣኃቱስ ኣብዚ ምሳናዶ ኣየለዋን?' እናበሉ ብዛዕባኡ ተዓንቀፉ። ኢየሱስ ከኣ 'ነቢይ ብዘይካ ኣብ ዓዱን ኣዝማዱን ኣብ ቤቱን ኣይንዓቕን እዩ' በሎም።" ይብለና።<br><br>ዳዊት ካብ ነቲ ካብ ጕስነት ናብ ንግሥነት ዘልዓሎ እግዚኣብሔር ምውካል ናብ ሓይሊ ሠራዊቱን ብዝሑን ስለ ዝኣመነ፣ ኣምላኽ ክገንሖ ንርእዩ። ዳዊት ግና በደሉ ቀልጢፉ ተፈለጦን ተጣዕሰን፣ 'ኣብ ኢድ ኣምላኽ ምውዳቕ ይሕሸኒ' ስለ ዝበለ፣ እግዚኣብሔር ከኣ ምሉእ ብምሉእ ኣይቀጽዖን። ብኣንጻሩ ከኣ ኢየሱስ ነቶም ደቂ ናዝሬት ዓዱ ምድኃን ኣምላኽን ምሕረቱን ከካፍሎም ምስ መጸ፡ ብንዕቀትን ትዕቢትን "እዚ መን ኮይኑ እዩ ከም ሓደ ነቢይ ከም ኪኢላ ክመጸና፣ ምሳና ዝዓበየን ገለኳ ዘያዳና ዘይብሉ ሰብዶ ኣይኮነን። ንመን ከታልል እዩ።" ኢሎም ልቦም ዓጸውሉ። ምድኃን ኣምላኽ ክቕበሉ ኣይከኣሉን። ንሕና ኸኣ ንሕይወትና ምልስ ኢልና ንርአ። ዓወታት ኣብ ዝሓፈስናሉ ግዜ ካብ ክእለትናዶ ይመለና? ንዘሎና ሃብትናን ክእለታትናን እናቆጸርና ወይ ወለዶና እናቆጸርና፡ 'መን ከማይ' ንብልዶ ኣሎና? ኣብ ዓወትና እግዚኣብሔር እንታይ ግደ ከምዝነበሮ ኣይንረስዕ። ከም ዳዊት ንዕሽነትና ቀልጢፍና ተረዲእና ንነሳሕ። በቲ ካልእ ወገን ከኣ፡ ኣምላኽ ብሰባት ገይሩ ኪበጽሓና ክደሊ ከሎ፣ 'መን እዩዚ? ካበየናት እዩ? መን ፍለጥ ኢሉዎ እዩ?' እናበልና ብሚዛን ደቂ ሰባት እናመዘንና ንምሕረት ኣምላኽ ናብ ቤትና ከይኣቱ ከይንዓግት ንጠንቀቕ። በዚ መንገዲዚ እንተ ቐጺልና ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ ከም ንወድቕ ፍሉጥ እዩ። ከመይ ኣምላኽ ንዕቡያት ይጻረሮም እዩ። ካብኡ የድሕነና! "ኦ ጐይታይ ካብ ኩሉ ትዕቢት ሰውረኒ! ኩሉ ግዜ ትሕት ኢለ ምሕረትካ ንምቕባል ስንዱው ግበረኒ! ኣሜን።" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| 4 የካቲት | 1 **ነገ** 2፥ 1-4, 10-12<br>1 **ዜና** 29፥ 10-12<br>**ማር** 6፥ 7-13 | *ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?*<br>• *1 ነገ 2ይ ምዕራፍ ብዛዕባ ዳዊት ንወዱ ሰሎሞን ዝሃቦ ለበዋ ነንብብ። “ጽናዕ ሰብኣይ ኩን። እትገብሮ ዘበለ ኹሉን ኣብ እተኸዶ ዘበለ ኹሉን ምእንቲ ኺቐንዓካስ፡ ከምቲ ኣብ ሕጊ ሙሴ ተጻሒፉ ዘሎ፣ ትእዛዛት እግዚኣብሔር ኣምላኽካ ሓሉ፦ ከም ፍቕዱ ንበር፣ ሕግጋቱን ትእዛዛቱን ሥርዓቱን ድማ ሓሉ። እግዚኣብሔር፡ ነቲ “ደቕኻ፡ ብኣካያይድኦም እንተ ተጠንቀቑ፣ ኣብ ቅድመይ ከኣ ብኹሉ ልቦምን ብኹሉ ኃይሎምን ብእምነት እንተ ነበሩ፣ ካብ ዘርእኻ ኣብ ዙፋን እስራኤል ዚነግሥ ኣይከቋርጽን እዩ” ኢሉ ዘተስፈወኒ ምእንቲ ኪፍጽሞ፡ ትእዛዙ ሓሉ።” ኢሉ ከም ዝተላበዎ ነርኢ።*<br>• *1 ዜና 29 ምዕራፍ ከኣ “ኦ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ኣቦና ያዕቆብ፣ ካብ ዘለዓለም ናብ ዘለዓለም ምስጉን ኩን። ጐይታየ ኣብ ሰማያትን ኣብ ምድርን ዘሎ ዘበለ ኹሉ ናትካ እዩ እሞ፡ ዕቤትን ሥልጣንን ክብርን ዓወትን ግርማን ናትካ እዩ። ጐይታየ፡ እታ መንግሥቲ ድማ ናትካ እያ፣ ኣብ ርእሲ ኹሉ ልዕል በልካ። ሃብትን ክብረትን ካባኻ እየን ዚመጻ፣ ንስኻ ድማ ንኹሉ ትገዝእ፣ ኃይልን ሥልጣንን ከኣ ኣብ ኢድካ እዩ፣ ንኹሉ ሰብ ዕቤትን ጽንዓትን እትህብ ንስኻ ኢኻ፣” እናበለ ንኣምላኽ የመስግን።*<br>• *ወንጌል ማርቆስ 6ይ ምዕራፍ ከኣ ብዛዕባ ኢየሱስ ነቶም 12 ሓዋርያት ከም ዝለኣኾም ይነግረና። “ኢየሱስ ነቶም ዓሰርተው ክልተ ናብኡ ጸዊዑ በብኽልተ ገይሩ ኺልኮም ጀመረ። ኣብ ልዕሊ ርኹሳት መናፍስቲ ድማ ሥልጣን ሃቦም። . . . ንሳቶም ድማ ወፊኦም ኹሉ ኪንሳሕ ሰበኹ። ስለዚ ብዙኃት ኣጋንንቲ ኣውፅኡ፣ ንብዙኃት ሕሙማት ድማ ዘይቲ እናቐብኡ ኣሕወይዎም።” ይብለና።*<br><br>*ዳዊት ንጉሥ በታ እግዚኣብሔር ዘርኣዮ መንገዲ ንሕዝቢ እስራኤል ኪመርሕ ድሕሪ ጸኒሑ፣ ግዜኡ ወዲኡ ሥልጣኑ ናብ ወዱ ሰሎሞን ኬመሓላልፍ ከሎ ብዛዕባ ዓቢይን ኣገዳስን ነገር ይላበዎ። ንኩሉ ትእዛዛት እግዚኣብሔር ንኪሕሉ ይላበዎ። ንጉሥ እስራኤል ንርእሱ ብፈሪሃ እግዚኣብሔር ክመላለስን ነቲ ሕዝቢ ድማ ከምኡ ኪገብርን ዚመርሕ እዩ። ምስ ኣምላኽ ዝነበሮም ኪዳን ኪሕልዉ ማለት ብዘይካ ኣምላኽ ካልኦት ኣማልኽቲ ከየምልኹ፣ ኣምላኽ ድማ ክባርኾምን ካብ ጸላእቶም ኪሕልዎን ምግባር እዩ። ኢየሱስ ከኣ እቲ ንዘለዓለም ዚነግሥ ንጉሥ ወዲ ዳዊት እዩ። ንሱ ንኩሎም ኣሕዛብ ናብ መንግሥቲ ኣምላኽ ዚእክብን ናብ ድኅነት ዚመርሕን ንሱ እዩ። ንሓዋርያቱ ድማ ነዚ መንግሥቱ ኬረክቦም ስለ ዝነበሮ ናይ ጉስነት ስራሕ ኪዕልሞም ከሎ ንርኢ። ናይ መንግሥቱ ሥልጣን ድማ ይህቦም። ናይ ወንጌል ብስራት ናብ ኩሎም ኣሕዛብ ኬብጽሑን፣ ኣብ ልዕሊ ኣጋንንቲ፡ ኣብ ልዕሊ ሕማምን ሥልጣን ይህቦም። እዚ መንግሥቲ እዚ ሎሚ ናባና በጺሑ ይርከብ ኣሎ። ለበዋና ንቐበል። ኣምላኽ ንሕወትና ምእንቲ ኪባርኽ ካብ ትእዛዛቱ ከይንወጽእ ቃል ኣምላኽ ይነግረና ኣሎ። እንተ ዘየሎ ኣብ መንግሥቲ ኣምላኽ ግደ ኣይክልወናን እዩ። ካብ ደቂ ንጉሥ ምኳን ንባርነት መሪጽና ማለት እዩ። “ኦ እግዚኣብሔር ጐይታ ሰማይን ምድርን፣ ውሉድካ ምኳን ምርጫይ እዩ። ከም ውሉድካ ምንባር ኣኽእለኒ። ንካልኦት ናብ መንግሥትኻ ንኪመጹ ኪሕግዞም ሓይሊ ሃበኒ! ኣሜን።”* |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| **5 የካቲት** | **ሲራክ** 47፡ 22-11<br>**መዝ** 18፡ 31, 47, 50-51<br>**ማር** 6፡ 14-29 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ሲራክ 47 ብዛዕባ ንጉሥ ዳዊት ይዛረበና። "ዳዊት ድማ ካብ ማእከል ደቂ እስራኤል ተፈልዩ ተኀርየ። . . . ዳዊት ኣብ ኩሉ ተግባሩ፡ ነቲ ኣዝዩ ልዑል ዝኾነ ቅዱስ እግዚኣብሔር የመስግኖ ነበረ፣ ኹሉ ክብሪ ንዘበለ ከኣ ንእኡ ይህቦ ነበረ። ብምሉእ ልቡ መዝሙር ምስጋና ይዝምረሉ ነበረ፣ ንፈጣሪኡ የፍቅሮ ነበረ። . . . እግዚኣብሔር ንዳዊት ኃጢኣቱ ኣርሓቐሉ፣ ንኃይሉ ድማ ንሓዋሩ ልዕል ኣበሎ፣ ነገሥታት ዚግባእ ኪዳን ኣተዉሉ፣ ኣብ እስራኤል ድማ ክብሪ ዚመልአ ዝፋን ሃቦ።" ይብለና።<br>• መዝሙር 18 ከኣ "ብጀካ እግዚኣብሔር ኣምላኽ የልቦን፣ ብጀካ ኣምላክና ኸኣ ዕቑባ የልቦን። . . . ንሱ ሕነ ዚፈድየለይ ኣምላኽ እዩ፣ ንመንግሥታት ኣብ ትሕተይ ዜግዝኦም፣ ካብ ጸላእተይ ድማ ዜድኅነኒ እዩ። . . . እግዚኣብሔር ንንጉሥ ዓቢይ ዓወት ይህቦ፣ ንቕብኡ፡ ማለት ንዳዊትን ንዘርኡን ንዘለዓለም ዚጸንሕ ፍቕሪ ይህቦም።" ይብለና።<br>• ወንጌል ማርቆስ ምዕ. 6 ከኣ ብዛዕባ ሞት ዮሓንስ መጥምቕ ይዛረበና። ሄሮድስ፡ ብሰሪ ሄሮድያዳ ሰይቲ ሓዉ፡ ንዮሓንስ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣእትይዎ ነበረ። ኣብ መዓልቲ ልደቱ ኸኣ ጓል ሄሮዲያዳ ኣብ ቅድሚኡን ሸማምንቱን ብምስዕሳዕ ስለ ዘሓጐሰቶ "ዝደለኽዮ ለምንኒ እሞ ክህበኪ እየ" ኢሉ ስለ ዝመሓለላ፣ ጓል ነዲኣ ተወኪሳ ከኣ ርእሲ ዮሓንስ ኪህባ ሓተተት። ንሱ ከኣ ከም ሕቶኣ ገበረላ። ብከምዚ ኣገባብ ከኣ ዮሓንስ መጥምቕ ብሰማዕትነት ከም ዝሓለፈ የዘንትወልና።<br><br>ናይ ሎሚ ንባባት ቃል ኣምላኽ፡ ብዛዕባ ክልተ ነገሥታት ይዛረበና። እቲ ቀዳማይ  እቲ ንኣምላኽ ዝፈርህን ዜፍቅርን ዝነበረ ንጉሥ ዳዊት፡ እቲ ኣምላኽ ባዕሉ "ዝከም ልበይ" ዝብሎ ዝነበረን፣ እቲ ካልኣይ ድማ እቲ ፈሪሃ ኣግዚኣብሔር ዘይነበሮ ንጉሥ ሄሮድስ እዩ። ዳዊት ኩሉ ኽብሪ  ንኣምላኽ ዝህብ ዝነበረ፣ ብዘይካ ኣምላኽ ካልእ ኣምላኽ ዘይፈልጥ፣ ኃጢኣቱ ዚፈልጥን ዚንሳሕን ምሕረት ኣምላኽ ዘስተማቐረ፣ ሽመትን ዓወትን ካብ ኣምላኽ ምዃኑ ኣጸቢቑ ዚፈልጥን፣ ብምሉእ ልቡ ንኣምላኽ መዝሙር ምስጋና ዚዝምርን ሰብ ነበረ። ብኣንጻሩ ሄሮድስ ከኣ ንኣምላኽ ከም ኣምላኽ ዘይፈልጦን፣ ፍርሃት እግዚኣብሔር ዘይነበሮን፣ ትእዛዝ እግዚኣብሔር ዚጥሕስን፣ ነቲ መንገዲ ኣምላኽ ዘርኣዮ ነቢይ (ዮሓንስ) ከኣ ብዘይ ምሕረት ዘሰየፈን፣ ንእግዚኣብሔር ዘየሓጕስ ሰብ ነበረ። ንሕና ድማ ከም ዳዊት እቲ እሙን ኣገልግሊ እግዚኣብሔር ክንከውን ንዕደም ኣሎና። ካብ ጕስነት ናብ ንግሥነት ምስ ደየብና ከም ዳዊት ኩሉ ዕብየቱ ካብ ኣምላኽ ምዃኑ ዝምስክር ዝነበረ እምበር ዘይተዓበየ፣ ከምኡ ንሕና ድማ ካብ ድኽነት ምስ ሓለፈልና፣ ካብ ታሕቲ ናብ ሥልጣን ምስ ዓበና፣ ነኣሽቱ ነይርና ወለዲ፡ መማህራን፡ ሊቃውንቲ፡ ካህናት፡ መነኮሳት፡ ኣሕሉቕ፡ ወይ ጳጳሳት ወይ ሚንስትራት ሃገር ምስ ኮና፣ ንኣምላኽ ክብሪ ዚህቡ ሰባት ክንከውን ንዕደም ኣሎና። ኣብ ምድሪ እንተዓበና ኣማልኽቲ ኣይንኸውንን ኢና። እቶም ንርእሶም ከም ኣማልኽቲ ዝቘጽሩ፡ ንሳቶም ኣጋንንትን ሰይጣንን እዮም። እምበር እግዚኣብሔርሲ ንዓለም ምሉእ ብቃሉ ዝፈጥር መወዳድርቲ ዘይርከቦ ሓያል ኣምላኽ እዩ። "ኦ ኣምላኽ መንነተይ ኣፍልጠኒ። ሰብሲ እንተ ዓበየኳ ሰብ ምዃኑ ክቕይር ኣይኽእልን እዩ። ዕድመይ ከም ዕምባባ ከም ስዕሪ ቀልጢፉ ዚሓልፍ ምዃኑ ኣረድኣኒ። ኣብ ትሕቲ ጽላልካ ምንባር ምሃረኒ። ከም ውሉድካ እምበር ከም መቐናንቕንትኻ ከይኸውን ሓልወኒ። ክቡርን መወዳድርቲ ከም ዘይብልካን እእምን ኣሎኹ። ብዝሃብካኒ ጸጋታት ኩሉ ኣመስግነካ ኣሎኹ።" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **6 የካቲት** | 1 ነገ 3፡ 4-13<br>መዝ 119፡ 9-14<br>ማር 6፡ 30-34 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• 1ይ ነገሥት 3 ብዛዕባ ንጉሥ ሰሎሙን ዘዕረጎ ጸሎት ይዛረበና። እግዚኣብሐር ንሰሎሞን “እንታይ ከም ዝህበካ እውን ለምን” በሎ። . . . ነዚ ብዙኅ ሕዝቢ እዚ ደኣ መን ኬመኃድሮ ይኽእል? እምበኣርሲ ኣብ ሞንጎ ጽቡቕን ክፉእን ፈልየ ንሕዝብኻ ብቕንዕና ምእንቲ ኸመኃድርሲ፣ ንኣይ ንባርያኻ ዜስተዉል ልቢ ሃበኒ” ኢሉ ለመነ። . . . እንሆ ከምቲ ዝለመንካኒ ገይረልካ ኣሎኹ። ብልህን ዜተውዕል ልብን ሂበክ ኣሎኹ። እዚ ህያብ እዚ ቕድሜኻ ንዝነበረ ኣይሃብኩን፣ ብድኅሬኻውን ከማኻ ዝበለ ኣይክህሉን እዩ። ምስኡ ድማ፣ ብኹሉ ዘመንካ ኻብ ነገሥታት ከማኻ ዝበለ ዘይረኸቦ ዘይለመንካኒ ሃብትን ክብረትን ሂበካ ኣሎኹ።” ከም ዝበሎ ነንብብ።<br>• መዝሙር 119 ከኣ “ሓደ መንእሰይ ንሕይወቱ ኸመይ ገይሩ ብንጽሕና ኺሕልዋ ይኽእል? ትእዛዛትካ ብምሕላው ጥራይ እዩ። . . . ንኣኻ ምእንቲ ኸይብድልሲ፡ ንሕግኻ ኣብ ልበይ ዓቚርክዎ። . . . ብዙኅ ሃብቲ ካብ ምድላብ፡ ትእዛዛትካ ምፍጻም ኣዝዩ የሐጉሰኒ።” ይብል።<br>• ወንጌል ማርቆስ ኣብ ምዕራፍ 6 “ሓዋርያት ድማ ናብ ኢየሱስ ተመሊሶም ዝገበርዎን ዝመሃርዎን ኩሉ ነገርዎ። እቶም ዝመጹን ዝኸዱን ብዙኃት ነበሩ እሞ፣ ንብምላዕውን ጊዜ ክሳዕ ዜስእኑ ስለ ዝኾኑ፡ ኢየሱስ ‘ንበይንኹም ቍሩብ ከተዕርፉ ኣብ ጽምዊ ቦታ ንዑናይ’ በሎም። ንሳቶም ከኣ ነበይኖም ብጃልባ ናብ ጽምዊ ቦታ ኸዱ። . . . ኢየሱስ ከኣ ካብ ጃልባ ምስ ወረደ ብዙኅ ሕዝቢ ረኣየ። ጓሳ ከም ዘይብሎን ኣባጊዕ ነበሩ እሞ ደንገጸሎም፣ ብዙኅውን ኪምህሮም ጀመረ።” ይብለና።<br><br>ካብዚ ቃል ኣምላኽ፡ ኣግዚኣብሐር ንሕዝቡ ክሳዕ ክንደይ ክጓስዮምን ጽቡቕ ከመሓድሮምን ከምዝደሊ ኢና እንመሃር። ንጉሥ ሰሎሞን ንሕዝቢ እስራኤል ብጽቡቕ ዜመሓድረሉ ክእለት ኣምላኽ ኪህቦ ይልምን። ኣምላኽ ከኣ ይህቦ። እንተ ኾነ ነገሥታት ደቂ እስራኤል እንትርፎ ውሑዳት ዝበዝሑ ንሕዝቢ ኣምላኽ ብጽቡቕ ክጓስይዎ ኣይከኣሉን። ስለዚ እዩ ኣምላኽ “ነተን ኣባጊዐይ ኣነ ባዕለይ ክደልየንን ክኣልየንን እየ። . . . ኣብ ልሙዕ መጓአዪ ከውፍረን እየ፣ . . . ” (ሕዝ 34፡ 11-15) ኢሉ ብነብያቱ ድሕሪ ኣተስፍዮዎም፣ ንኢየሱስ ወዱ ብምልኣኽ ንሕዝቡ ክጓስዮምን ክኣልዮም ንርእዮ። እቲ ሕያዋይ ጓሳ ኢየሱስ እዩ። ዝድንግጸልና ንሱ እዩ። ካብቶም ከም ቶኹላ ዝሃድኑና ሰይጣንን ርኹሳት መናፍስትን ዝከላኸለልና ንሱ እዩ። ካብ መርዚ ኃጢኣት ዝፍውሰና ንሱ እዩ። ኢየሱስ ታሪኽ ኣይኮነን፣ ሕያው እዩ። ሎሚ ኣብ ቤተክርስትያኑ ይዓዩን ይሰርሕን የድሕንን እዩ ዘሎ። ኢየሱስ ኣብ ጸሎት፡ ኣብ ቃል ቅዱስ መጽሓፍ፡ ኣብ ትምህርቲ ቤተክርስቲያን፡ ኣብ ጥምቀት፡ ኣብ ቅብኣተ-ሜሮን፡ ኣብ ሥጋኡን ደሙን፡ ኣብ ንስሓ፡ ኣገልግሎት ክህነት፡ ኣብ ቃል-ኪዳን፡ ኣብ ጸሎት ሕሙማን ንረኽቦ። ነዚ ኩሉ ንሱ ዝሃበና መጋበሪታት ኣይንንዓቆ ኣይንርሓቆ ኣይንእበዮ። ንኢየሱስ ከም መድሓኒናን ከም ጐይታናን ክንኣምኖን ክንቕበሎን የድልየና። ብጸሎት ምስታ ሕያወይቲ ወላዲቱ ንኣና ከኣ መንፈሳዊት ወላዲትና ንዛመድ፡ ምስ ኩሎም መላእኽትን ቅዱሳንን ሕውነት ንመስርት፡ ከመይ ድሮ ኣብ መንግሥቲ ኣምላኽ ኢና ኣንነብር ዘሎና። ከመይ ቃልስና ምስ ሥጋን ደምን ጥራይ ኣይኮነን። መንግሥቲ ጸልማት ኣብ ዙርያና ንዓና ክተጥፍእ ትዓዪ እያ ዘላ። ብምሉኡ ሠራዊት ኣምላኽ ምሳና ክሰለፍ የድልየና እዩ። “ኦ ኢየሱስ ጐይታ ንስኻ መራሒና፡ እቶም ንኣኻ ኣሚና ዝሰዓብናካ ኣብ ምድሪ ዘሎና ይኹን እቶም ኣብ ሰማይ ዘለዉ መላእኽትን ቅዱሳንን፡ ሰራዊትካ ኢና። ኣነ ወተሃደርካ እየ። ንኃጢኣትን፡ ንግብሪ ሰይጣንን፡ ንኣኻ ዘየኽብር ናይ ሥጋን ናይ ዓለምን ተግባራት ክዋጋእ ሓይልኻ ኣዕጥቀኒ። ንክብርኻ ክምስክር ኣኽእለኒ። ስለ ስምካ ኢልካ ነዚ ግበረለይ። ኣሜን!” |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **7 የካቲት** | **ኢሳ** 6፡ 1-8<br>**መዝ** 138፡ 1-5, 7-8<br>1 **ቆሮ** 15፡ 1-11<br>**ሉቃ** 5፡ 1-11 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ኢሳያስ ነቢይ ኣብ ምዕራፍ 6 ብዛዕባ ጸዋዕታኡ ይነግረና። ራእይ ምስ ረኣየ ኢሳያስ “ከናፍረይ ዝረኸሰ ኃጥእ ሰብ እየ፣ ኣብ ማእከል ኸናፍሩ ዝረኸሰ ኃጥእ ሕዝቢ ከኣ እነብር ኣሎኹ እሞ፡ ወይለይ። ንንጉሥ ፡ ንእግዚኣብሔር ጐይታ ሠራዊት፡ በዕይንተይ ርእየዮ እየ እሞ፡ ጠፋእኩ’ በልኩ። ካብቶም ሱራፌል ሓደ ድማ . . . ‘እንሆ እዚ ነኸናፍርካ ተንከየ፡ ኣበሳኻ ረሓቐልካ ኃጢኣትካውን ጸረየልካ’ በለ። ሽዑ እግዚኣብሔር ‘ንመን ክንልእኽ? መንከ ኪኸደልና እዩ?’ ኪብል ከሎ ሰማዕኩ። ኣነውን ‘እንሆ’ኹ’ በልኩ።” ይብል።<br>• መዝሙር 138 ከኣ ጸሎት ምስጋና የቕርብ። “ኦ እግዚኣብሔር ብምሉእ ልበይ ኣመስግነካ እሎኹ፣ ኣብ ቅድሚ መላእኽቲ ኸኣ መዝሙር ምስጋና እዝምረልካ ኣሎኹ። . . . ኩሎም ነገሥትት ምድሪ ነቲ ዝሃብካዮም ተስፋ ሰሚያም ኬመስግኑኻ እዮም። ኦ እግዚኣብሔር ንተስፋታትካ ኽትፍጽመለይ ኢኻ፡ ምሕረትካውን ንዘለዓለም እዩ። ንፍጡርካ ኣይትኅደጎ።” ይብል።<br>• 1 ቆሮንጦስ 15 ከኣ ጳውሎስ “ሕጂ ኣኅዋተይ፡ ነቲ ኣነ ዝሰበኽኩልኩም ወንጌል ከዘክረኩም እደሊ ኣሎኹ። ንሱ ድማ እቲ ዝተቐበልክምዎን ብእኡ ድማ ጸኒዕኩም እትነብሩ ዘለኹምን እዩ። ነቲ ኣነ ዝሰበኽኩልኩም ኣጽኒዕኩም ሒዝኩምዎ እንተ ኣሊኹምሲ ብእኡ ድኂንኩም ኢኹም፣ እንተ ዘይኮነ እምነትኩም ከንቱ እዩ።” ይብልና። ቀጺሉ ብዛዕባ ኢየሱስ ከም ዝተንሥአን ንሓዋርያቱን ካልኦት ሰዓብቱን፡ ከምኡውን ንርእሱን ከምዝተራእዮም ይምስክር። ሰባኺ ወንጌል ከኣ ውህበት ጸጋ ኣምበር ሰብ ካብ ባዕሉ ዘምጽኦ ከም ዘይኮነ ይነግረና።<br>• ወንጌል ሉቃስ ምዕራፍ 5 ከኣ ብዛዕባ ኢየሱስ ንስምዖን “ናብቲ ዓሚቑ ባሕሪ ቕርብ በል እሞ ዓሳ ክትገፉ መርበብኩም ኣውርዱ’ በሎ። ስምዖን ከኣ ‘መምህር1 ምሉእ ለይቲ ጽዒርና ዝኃዝናዮ የብልናን፣ ከም ቃልካ ግና ነዚ መርበብ ኣውርዶ ኣሎ’ኹ’ ሊሉ መለሰሉ። ከምኡ ምስ ገበሩ ኸኣ እዝዩ ብዙኅ ዓሳ ኃዙ፣ እቲ መርበቦውን ኪብተኽ ጀመረ። ነቶም ኣብታ ካልኣይቲ ጃልባ ዝነበሩ ብጾቶም ከኣ መጺኦም ኪድግፍዎም ብምልክት ጸውዕዎም። መጺኦም ድማ፡ ንኽልቲአን ጀላቡ ጥቓ ምጥሓል ክሳዕ ዝቐርባ መልእወን። ጴጥሮስ ከኣ ነዚ ምስ ረኣየ ኣብ ብርኪ ኢየሱስ ኣደፊኡ ‘ጐይታይ! ኣነ ኃጥእ ሰብ እየ እሞ ካባይ ረሓቕ’ በሎ።” ይብለና።<br><br>እግዚኣብሔር ልኡኻቱን ሰበኽቲ ወንጌልን ክጽውዕ ከሎ፡ ኣብ ክእለት እቶም ዝለኣኹ ሰባት ከም ዘይምርኩስ ንርኢ። ተራ ሰባት ይጽውዕ። ሓይሉ የዕጥቖምን ይምህሮምን የሰናድዎምን። ንሳቶም ከኣ ኣብ ቃሉ ኣሚኖም ይወፍሩ እሞ ትእምርትን ተኣምራትን ይርእዩ። እምበኣር ኩላትና ክርስትያን ወንጌል ክንሰብኽን ብሕይወትና ክንምስክሮን ጽዉዓት ኢና። ‘እዚ መን ይኽእሎ?’ እንብል ብዙሓት ኢና። ካብቲ ቤተ መቕደስ ኣምላኽ ዝወጽእ ሓዊ ንከናፍርናን ልባትናን ምስ ተንከፎ፡ ንክንልኣኽ ኣይክንፈርህን ኢና። እዚ እቲ ብቅብኣት ሜሮን ዝወሃበና ሓዊ መንፈስ ቅዱስ እዩ። እዚ ሓዊ ምእንቲ ኪነድድ፡ መዓልቲ መጸ ‘ንዓ መንፈስ ቅዱስ ንሕይወተይ ቀድስ፡ ኣንጽሕ’ ክንብሎን ክንዕድሞን የድልየና። ድሕሪ እዚ ጸሎት እዚ ብእምነት ንወፍር፡ ኣምላኽ ብኣእዳውናን ብኣፍናን ዓቢይ ትእምርቲ ድሕነት ኪገብረልና እዩ። ኩሉ ከኣ ብጸጋኡ እዩ ዚኸውን። እንጀሃረሉ ምኽንያት ሓንቲኳ የብልናን። “ንዓ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ሕይወተይ እቶ። ንሕይወተይ ሓድሶን ኣንጽሓዮን። ብቃል ወንጌል ከምዘይሓፍር ግበረኒ። ኣብ ልበይ ቃልካ ብንጹር ከምዝሰምዖ ግበረኒ። ኣብ ቤተይን ምስ ብጾተይን ብሓቅን ቅንዕናን፡ ብሰላምን ብፍቕርን ከም ዝነብር ግበረኒ። በቲ ንስኻ ኣባይ እትገብሮ ኩሉ ወሉድ እግዚኣብሔርን ተኸታሊ ክርስቶስን ምዃነይ ንካልኦት ይብርሃሎም። ናባኻውን ይምጽኡ። ኣሜን!” |